ናይ ሓቂ ወረቐት TIGRINYA | መስከረም 2023 ዓ.ም

# እቶም ኣብ MLK Jr Way S ክካየዱ ዝተሓሰቡ ለውጢታት

ፕሮጀክትና ብ Seattle’s Vision Zero (ናይ ሲያትል ቪዥን ዜሮ)ዝተመርሐን ዝያዳ ውሑሳት ዝኾኑ ጎደናታት ብምንዳፍ ከበድቲ ዝኾኑ ናይ መካይን ግርጭታት ንምቕናስ ዝትልም እዩ። እዚ ፕሮጀክት እዚ ናይ መኪና ገናሕቲ ናህሪ ብምቁጽጻር ዝያዳ ናይ እግሪን ናይ ብሽክለታ ጉዕዞን ንኽህሉ ኣብ ምትብባዕ ዝሕግዝ እዩ። እቲ ህንጸት ምስ ተዛዘመ፣ ኣብ እቲ ጎደና ነዞም ዝስዕቡ ለውጢታት ክተስተውዕሉ ኢኹም፡

## እዚ ፕሮጀክት እዚ፡

- ዝያዳ ተገምትቲ ዝኾኑ ናይ ተሽከርከርቲ ምንቅስቓሳት ብዝፈጥር መልክዑ ዳግም ንድፊ ክወጸሉ እዩ።
- እምበኣር ሐዚ ኣብ ሕድሕድ ኣንፈት ሓደ መስመር መጓዓዚያ ምስ ናይ ማእኸል መዕጸፊ መስመር ክህሉ እዩ።
- እቶም ናይ ጉዕዞ መስመራት ነቶም ናይ ጽዕነትን ናይ ትራንዚትን ምንቅስቓሳት ክተኣናግዱ ክቕጹሉ እዮም።
- ብኮንክሪት ዝተሓጸሩ ናይ ብሽኽለታ መስመር መጓዓዚያታት ኣብ ክልቲኡ ጎኒ MLK Jr Way S ክህሉ ምግባርናን ኣብ’ቶም ናይ መራኸቢ ቦታታት ድማ ሓደሽቲ ናይ ብሽክለታ ህላወ ዝሕብሩ መሳርሒታት ክህልዉ ምግባርን።
- ነቶም ኣጋራት፣ ተሽከርከርቲን፣ ብሽክለታታትን ዝህልዉ ናይ ውሕስነት/ድሕንነት ኩነታትን ተርኣይነትን ንምምሕያሽ ብዘኽእል መልክዑ ነቲ ጎደና መሊስካ ቐለም/ሕብሪ ምቕባእ።
- ኣጋራት ካብ ዋሕዚ ተሽከርከርቲ ብዝያዳ ንምፍላይ ነቶም ናይ ኣጋር መገዲታትን ምጽጋን ወይ ከገፍሑ ምግባርን ነቶም ናይ ኣጋር መሰጋገሪታት ክገፍሑ ምግባር ወይ ሓድሽ መሰጋገሪ ምውሳኽ።
- እቶም ብእግሮምን ብብሽክለታን ዝጓዓዙ ሰባት ነቶም ናይ መኪና ገናሕቲ ዝያዳ ዝረኣዩ ንምግባር፣ ነቶም ናይ ኣጋር ናይ እግሪ ጉዕዞ ምልክታትን ናይ ብሽክለታ ህላወ ዝሕብሩ መሳርሒታትን ምውሳኽ ወይ ምሕዳስ።
- ብመሰረት እቶም ንመወዳእታ ግዜ ዝተሓደሱ ናይ ADA ደረጃታት ዘሎ ተበጻሕነት ንምምሕያሽ 30 ከርብ ራምፓት ምምሕያሽ
- ናይ’ቶም ከባቢያዊ ንግዳዊ ትካላት ተበጻሕነት ዓቂብካ ነቶም ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት ዳግም ምግምጋም።

## ናይ ፕሮጀክት ናይ ግዜ ሰሌዳ

ስራሕ መስከረም 28፣ 2023 ተጀሚሩ ኣብ 2024 ክቕጽል እዩ።

## MLK Jr Way S ፕሮጀክት ድሕንነት

ነቲ ኣብ MLK Jr Way S ዝርከብ ናይ ጎደና ንድፊ ናይ መኪና መስመራ ብምቕናስ፣ ሓደሽቲ ዝተሓጸሩ ናይ ብሽክለታ መስመራት ብምህናጽ፣ እቶም መኪና ዝገንሑ ሰባት ድማ ናህሮም ክቕንሱ ብምግባር፣ ናይ ኣጋር መገዲታት ከገፍሑ ብምግባርን ሓደሽቲ ናይ ADA- መረጋገጺ ዘለዎም ናይ ከርብ ራምፕታት ብምግባር ነመሓይሾ ኣለና።

እዞም እነካይዶም ለውጢታት ነቶም ብእግሮም ዝጓዓዙ፣ ሮል ዝገብሩ፣ ብብሽክለታ ዝንቀሳቐሱን ኣብ መንጎ ጣብያ Mount Bakerን ኣብ’ቲ ኣብ መጻኢ ዝህነጽ ጣብያ Judkins Park መኪና ዝገንሑ ሰባት ድሕንነትን ናይ’ቶም ትራንዚታትን ከባቢያዊ ቦታታትን ተበጻሕነትን ዘመሓይሹ እዮም።

### ህንጸት ኣብ ዝካየደሉ ግዜ፣ ነዞም ዝስዕቡ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ፡

- እቶም ልሙዳት ናይ ስራሕ ሰዓታት ካብ ሰኑይ - ዓርቢ፣ ካብ ሰዓት 7:00 ንጉሆ ክሳብ 5:00 ድሕሪ ቐትሪ እዮም።
- ነተን ናይ ህንጸት ተሽከርከርቲ ንምትእንጋድ ግዜያዊ ናይ ትራፊክ ገምጋማት
- ግዜያዊ ገደባት ኣብ ናይ መካይን ጠጠው መበሊ
- ናይ ድሕንነት መጠንቀቕታ ዝህቡ ድምጺታት፣ ከበድቲ ተሽከርከርቲ ምጥቃምን፣ ናይ ሓይሊ መሳርሒታት ምጥቃም ዝሓውስ ዓውዓውታ ዝበዝሖም ናይ ስራሕ ንጥፈታት

ነቶም 100% ናይ ንድፊ ትልሚታት ረአ፣ ብዛዕባ እቶም ኣብ መጻኢ ዝካየዱ ህንጸታት ሓበሬታ ርኸብን፣ ከምኡድማ ብኢሜይል ሓደሽቲ ዜናታት ክበጽሑኻ ምእንታን ኣብ’ቲ ናይ ፕሮጀክትና ወብ ሳይት ተመዝገብ!

https://bit.ly/MLKSafetyUpdates

The Levy to MOVE SEATTLE

**ናይ ፕሮጀክት ሓበሬታን ምርኻብን**
**Ching Chan፣ Public Engagement Lead (መራሒ ህዝባዊ ተሳትፎ)**
(206) 450-6594
GTtoSP@Seattle.gov

Seattle Department of Transportation


N
S JUDKINS ST
S WADSWORTH PL
Judkins Park and Playfield
S IRVING ST
MOUNTAINS TO SOUND TRL
90
Sam Smith Park
S ATLANTIC ST
BRADNER PL S
S MASSACHUSETTS ST
22ND AVE S
Colman Playground
26TH AVE S
S GRAND ST
S HOLGATE ST
Colman Park
S PLUM ST
25TH AVE
S HILL ST
29TH AVE S
31ST AVE S
28TH AVE S
S WALKER ST
S DOSE TER
S COLLEGE ST
M L KING JR WAY S
RAINIER AVE S
23RD AVE S
S MCCLELLAN ST
S FOREST ST
HARRIS PL S
S WINTHROP ST
ትልሚ ዝወጸሎም ናይ ግልጋሎት መውሃቢታት፡
ሕሉው ናይ ብሽክለታ መስመር መጎዓዚያ
ኣናእሽቱ መንገዲታት
ተወሳኺ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታ
ዝተርፍ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታ
ዝውገድ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታ
ናይ ፍሳስ መወገዲ ቱቦ ምምሕያሻት
ምቕናስ መስመር መጓዓዚያ (Lane)
ናይ ኣጋር መገዲ ምምሕያሽ
ሓድሽ ናይ ኣጋር መሰጋገሪ
ADA ከርብ ራምፕ
ዝተመሓየሸ ናይ ኣጋር መገዲ ምልክት